# ፖለቲካዊ ውሳኔታት

ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብ 5 ክሳብ 11 ግንቦት 2008 ኣብ ዘካየዶ ጉባኤ፡ እዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ፡-

## 1. ጉዳይ ስደተኛታት፡-

ብሰንኪ ጨፍላቒ ፖሊስታት ስርዓት ህግደፍን ሳዕቤናቱን፡ ሃገር ክሃንጽ ተበጊሱ ዝነበረ መንእሰይ፡ ዝፈትዋ ሃገሩ ፈንፊኑ ራሕሪሕዋ ኣብ ፈቐዶ ኩርናዓት ዓለም ተስደዲዱ ከርፋሕ ናብራ የሕልፍ ምህላዉ ጉባኤ ተገንዚቡ። ነዚ መንእሰይ ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ ኣሰቃቒ ናብራ ብዕምቈት ድሕሪ ምምይያጥ፡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ይኹን መላእ ዓለም፡ ማእከላይ መሪሕነት ምስ ዝምልከቶም መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ቀጻሊ ርኽክባት ብምግባር፡ መሰሎም ዝሕለወሉን ሽግራቶም ዝቃለለሉን ስጉምትታት ክወስድ ጉባኤ ወሲኑ።

## 2. ጉዳይ እሱራት፡-

ነቶም ኣብ ትሕቲ ጨካንን ኣስካሕካሕን ኩነታት ኣብያተ-ማእሰርቲ ስርዓት ህግደፍ ተዳጒኖም ዝርከቡ ናይ ፖሎቲካን ሕልናን እሱራት፡ ህግደፍ ኣብ ቤት ፍርዲ ከቕርቦም ወይ ድማ ክፈትሖም ንምግዳድ፡ ማእከላይ መሪሕነት ቀጻሊ ጥርዓናቱን ምሕጽንታታቱን ናብ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ከቕርብ ጉባኤ ወሲኑ።

## 3. ጉዳይ መሬትን ንብረትን፡-

ብስርዓት ህግደፍ ተዘሚቱ ዘሎ መሬትን ንብረትን፡ ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ክምለስ ምዃኑ ጉባኤ ወሲኑ።

## 4. ጉዳይ ሰፊሕ ዋዕላ፡-

ኣብ ሃገርና ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምምጻእ፡ ጥሙር ኣሰራርሓ ኩሎም ንስርዓት ህግደፍ ዝቃወሙ ሓይልታት ዘሎ ዕዙዝ ተደላይነት ብምግንዛብ፡ ማእከላይ መሪሕነት ዘፊሕ ዋዕላ ንምክያድ ዘድሊ ምቹእ ሃዋህው ከጣጥሕ ጉባኤ ወሲኑ።

## 5. ጉዳይ ወጻኢ ዝምድናታት፡-

ኣብ ዞናና ሰፊኑ ዘሎ ዘይምርግጋእ ቀንዲ ተዋሳኣይ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ብምግንዛብ፡  ምስ ኩለን ዞባውን ኣህጉራውን መንግስታትን ዘይመንግስታውያን ትካላትን ጽዑቕ ርኽክባት ብምክያድ፡ ማእከላይ መሪሕነት ንስርዓት ህግደፍ ከቃልዕን፡ ካብ ኩሉ ንምንጻሉ ኣበርቲዑ ክሰርሕን ጉባኤ ወሲኑ።

6. <u>ጉዳይ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፦</u>

እቶም ልዕሊ 10 ዓመታት ኣብ ግዱድ ዕስክርና ተጸሚዶም ጅሆ ስርዓት ህግደፍ ኰይኖም ዘለዉ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ዝያዳ ጭቁናት ምዃኖም ጉባኤ መዚኑ። ክንዲ ዝዀነ፡ ነዚ ንዕኦምን ስድራኦምን ዘሳቒ ዘሎ ስርዓት ከገልግሉ ከም ዘይብሎም ጉባኤ ኣስሚሩሉ። ስለ'ዚ፡ ንህልው ኲነታት ህዝቦምን ሃገሮምን ብምግንዛብ፡ ነብሶምን ህዝቦምን ነጻ ከውጽኡ ጉባኤ ጸዊዑ።

7. <u>ጉዳይ ሰላማዊ ፍታሕ፦</u>

ኣብ ሃገርና ቅዋማውን ደሞክራስያውን ስርዓት ንምትካል እንኮን ቀንድን መሓንቖ ኰይኑ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ጉባኤ ኣረጋጊጹ። ሽግራትና ኣብ ምፍታሕ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ዝኽተሎ መርሆ ኩሉ ዝከኣል ኣገባብ ቃልሲ ምጥቃም ዝብል'ኳ እንተዀነ፡ ናይ ሰላም ዕድል ምስ ዝርከብ፡ ኤደኪ ክጥቀመሉ ከም ዝግባእ ጉባኤ ወሲኑ።

8. <u>ጉዳይ ዶብ፦</u>

ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ምስሕሓብ፡ ብመሰረት ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ክድምደም ጉባኤ ወሲኑ። ከምኡ'ውን፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኣን ሃገራት ሰፊኑ ዘሎ ምትፍናን፡ ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራሕ ክፍታሕ ከም ዘለዎ ጉባኤ ኣማሕጺኑ።

9. <u>ጉዳይ ሶማል፦</u>

ኣብ ሞንጎ ኣሕዋትና ሶማላውያን ዝካየድ ዘሎ ዘሕዝን ሕድሕዳዊ ምቅትታል ደው ንኽብልን፡ ሽግሮም ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሑን ጉባኤ ኣትሪሩ የማሕጽን። ከምኡ'ውን፡ ነቲ በመንግስቲ ጅቡቲ ዝተበገሰን፡ መላእ ዓለም ዝደገፎን ዕርቀ-ሰላም ሶማላውያን፡ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ይድግፍ።

ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን<br>11 ግንቦት 2008